# ማእከላይ ባይቶ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣኼባ ኣካይዱ

ትማሊ ዕለት 10 ሕዳር 2019 ማእከላይ ባይቶ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ (ውሓዲለ) ኣኼባ ኣካይዱ። ኣፈ ባይቶ ኣቶ ሓምድ ድራር ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ፡ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ፡ ምስ ኣብ ከባቢና ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት ብኸመይ ክጸልዎ ይኽእል ንዝብል ሕቶታት፡ ኩሉ ሽነኻቱ ንውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲ ለውጢ ይኹን ንደላይ ፍትሒ ህዝብናን ደምበ ተቃውሞናን ከኣ ብሓፈሻ ወሪዱና ዘሎ ከቢድ ጾር ንምፍታሕን መላኺ ስርዓት ንምእላዩን ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣብሪሁ። ብምቅጻል ነዚ ከበድቲ ጾር ንምፍታሕ ሓያል ቃልሲ ንምክያድ ብወገና ዝጠልቦ፡ ሕቶ ህዝብና ንምምላስ ጻኒዕና፡ ሓቢርና፡ተወሃሂድና ብዓቕምና ምቅላስ ማዕዱ ክንጥምት፡ መጻኢታትና ክንግንዘብ እዋናዊ ምኳኑ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዝቀረበ ኣጀንዳታት ብፍላይ ንጸብጻባት ስርሓት ፈጻሚት ሽማግለን፡ ከምኡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ መጽናዕቲ ይኹን ንፍሉይ ዕማም ዝተመዛ ሽማግለታት ኣብ ምቋምን፡ ነተን ድሮ ቆይመን ዘለዋ ከኣ ኣብ'ቲ ዘካይድኦ ዘለዋ ኣኼባታት ተወሳኺ ጸብጻባት ንባይቶ ቀሪቡ።

ድሕሪ ጸብጻባት፡ ማእከላይ ባይቶ ውሓዲለ ነቲ ዝቀረበ ጸብጻባት ሓጋዚ'ዩ ንዝበሎ ዝተፈላለየ ሓሳባትን ሕቶታት ብምቕራብ ነዊሕ ክትዓት ኣካይዱ። ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ብሓድነት ተጀሚሩ ንዘሎ ጉዕዞ ውድብ ክሳብ ዓወት ክበጽሕ ደገፉ ብምግላጽ፡ ኩሉ ኣባል ውድብ፡ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚት ሽማግለ ንዝካየድ ስርሓት ዝግበር ርክባት ብቀጻልነት ክህሉን ሓላፍነቱ ክወስድ ከም ዘለዎ ዘትዩ። ኣብ'ቲ ክሳብ ሕጂ ዝተበጽሐን ዝተዓመመ ስርሓት ውድቡ ከኣ ኣተባቢዑ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና
ዜናን ሓበሬታን ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
11 ሕዳር 2019